# ኢዮባይ

ሎሚ ኩላትና ተኣኪብና ዘለና ቤተሰቡን መቓልስቲ ብጾቱን ፈተውቱን፡ ኣብ ዘይእዋኑን ሰዓቱን ሓዲጉና ዝኸይድ ዘሎ ስዉእ ብጻይና ኢዮብ ብስራት ንዝክረሉን፡ ነንሕድሕድና ንጸናንዓሉን፡ ኣብ ታሪኽና ዘይርሳዕን ዘይበልን ዝኽርን ጓህን ዝገድፍልና ዘሎን ፈታኒ ወቕቲ ንርከብ ኣሎና። ብጻይ ኢዮብ ዓቕሚ ኣዳም ካብ ዝለብስ ኣትሒዙ፡ ዋላ ንክልኢት'ውን ትኹን፡ ድሕሪ ደጊም ኣላሽ ይኣኽለኒ ሎምስ ደኺመ ከይበለ፡ ከይተሓለለ ብትብዓትን ተወፋይነትን ዝተሰለፈሉ ሃገራዊ ሓርበኛዊ ቃልስን፡ ኣብ ልዕሊ ስድራ ቤቱን በተሰቡን ዝነበሮ ክቱር ሓልዮትን <u>ጉንያን</u>፡ ንመቓልስቲ ብጾቱ ዝነበሮ ክብርን ሓለፋን ተጠባቕነትን፡ ካብ'ቲ ብዙሕ ብጭልፋ ከነልዕለሉ እንተ ዘይኮንና፡ ኩሉ ዝሓለፎ ምርኡይ ዝኽርታት ታሪኽ ህይወቱ ዘርዚርና ክንውድኦ'ና ኢልና ክንሓስብ ፈጺምካ ዘይከኣል'ዩ።

ብጻይ ኢዮብ ከም ኩሉ ኣብ ስድሳታትን ሰብዓታትን ዝሓለፈ ዘመን ዝነብረ ዕሸል ኤርትራዊ መንእሰይ ሃገራዊ ስምዒት ንነጻነት ካብ ዘሕድር ኣትሒዙ፡ ወገንን ዓሌትን ሃይማኖትን ከይበለን ከየገደሶን፡ ኤርትራዊ ሃገራውነት ብምቕዳም፡ ካብ ኩሎም ስለያዊ መጻወድያታት ዝሓለፉ ገዛእቲ ስርዓታት ከይተበገረን ከይተዳህለን፡ ንካልኦት ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ከሰልፍ ዝተዓጥቀ ተባዕ መንእሰይ ተቓላሳይ ምንባሩ፡ ካብ'ቶም ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ምስኡ ዝነበሩ፡ ሎሚ ኣብ ፈቐዶ ስደት ፋሕ ኢሎም ዝርከቡ ዝዝክርዎ ብዙሓት'ዮም። ካብ'ዚ ተመሃራይ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ካብ'ቶም ውሑዳት ግዜ ክራማት እዋን ዕረፍቶም ኣብ ኣስመራ ምስ ስድራና ከነሕልፎ ኣብ ትሕቲ ዝብል ሽፋን፡ ብምስጢር መንእሰያት ተመሃሮ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ንነጻነት ሃገር ዘነቓቕሑን ዘዕጥቑን ዝነበሩ ብጅዋት ምንባሩ፡ ዝሓለፈ ዝናኡ ይሕብረና።

1975 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሜዳ ካብ ዝስለፍ ኣትሒዙ ዝተዋሕቦ ውድባዊ ሓላፍነት ኣዚዩ ዘኽብርን ዝሕሉን ሓላፍነታዊ ብጻይ ኣብ ልዕሊ ምንባሩ፡ በቶም ኣብ በበይኖም እዋናትን ኣጋጣምታት ዝለዓሉ ዝነበሩ ፈተንቲ ፖለቲካዊ ተርእዮታት ውድብ ከይተደናገረ፡ ወትሩ ቅኑዕ መርገጽ ሒዙ ይጒዓዝ ምንባሩ ሓደ ካብ'ቲ ዓይነታዊ መለለይኡ ምዃኑ ክንዝክሮ ንነብር ሓያሎይ ብጾቱ ኣለና። ካብ'ዚ ፍልይ ዝበለ፡ ኣብ ካይሮ ከምኡ'ውን ካርቱም ጸኒሑ ድማ ኣብ ስቶክሆልም ሽወደን ነቲ ኩላትና ዝነበርናዮን ዝበለናሉን ውድብ ወኪሉ ኣብ ወጻኢ ዝምድናታት ዘገልገለሉ ዝነበረ ነዊሕ ዓመታት፡ ኣባል ውድብ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ፡ ምስ ኩሉ ኤርትራዊ ስደተኛ ዘርኣዮ ሓልዮትን ተደናጋጽነትን፡ ክንዲ ዝተኻእሎ ሽግራቶም ኣብ ምፍታሕ ዘበርከቶ ምግባረ ሰናይን፡ ሎሚ ካብ'ዛ ዓለም ይፍለ ምህላዉ ዝሰምዑ ኩሎም፡ ኣታ እዛ ዓድስ ካንዶ ሕያዋይን ሓላይ ህዝቡን ኣይኮነላን'ዩ ኢሎም ዝማረሩን፡ ኣብ'ዚ ምሳና ተሓዊሶም ከፋንውዎ ዘይምኽኣሎም ዝሓዝኑን ውሑዳት ኣይኮኑን።

ኣብ ኩሉ ኣቀራርብኡን ባህርያቱን፡ ካብ ምህዋኽ ህድእ'ሉ ከርክበሉ ዝመርጽ፡ ካብ ምግጫው ወትሩ ለዘብታዊ ስልቲ ከም ኣገባብ ዝሓሪ፡ ክንዲ ዝወሰደ ይውሰድ ድማ ልዝብን ምርድዳእን ዝኸተል፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ንኹሉ ምናልባታት ምስ ብጾቱ ብሓባር ፈቲሹ ዝውስን፡ በሊሕን ፍትሓውን ካድርን መራሕን ምንባሩ ኣይንርስዖን ኢና። ፍልልያት ኣብ ዝተራእየሉ ዝሓለፈ እዋናት፡ ዋላ ሓደ'ውን እንተኾነ ክንከስር የብልናን ካብ ዝብል ጽኑዕ እምንቶ ተበጊሱ ንምጽባቦም ኣበርቲዑ ዝቃለስ፡ ምስ ተወደኦ ድማ ኣብ ዝኣመነሉ መርገጽን ዝተሰለፈሉ ውድብን ኣትኪሉ ዝምክት፡ ክልቲኦም መናቱ ሕላገት ዘውንን ኢዮባይ ምንባሩ ኩላትና ንፈልጥ ኢና። ነዚ ዘረጋግጽ፡ ኣብ ልዕሊ ዝሓለፉ ፖለቲካዊ ተርእዮታት ተሓኤ ታህዳይ ኮሮኮን፡ ስዒቡ ዝተረኽበ ምፍንጫል ተሓኤ-ሰባን፡ ከምኡ'ውን ድሒሮም ኣብ ግሃድኤ ዝተራእዩ

ኣሉታውያን ምዕባሌታትን፡ ቅኑዕን ወድዓውን መርገጽ ሒዙ ይገጥም ምንባሩ እቶም መቓልስቱ ንምስክሮ'ዮ።

ኣብ ጸፍሒ መሪሕነት ካብ ዝድይብ ዳሕረዋይ መዋእል ቃልሱ፡ ቅድም ክብል ኣብ 2001 ዝተኻየደ 5ይ ጉባኤ ተሓኤ-ሰባ ኣባል ባይቶ ብምምራጽ፡ ስዒቡ ኣብ 2004 ዝተኻየደ ጉባኤ ተሓኤ-ሃት ኣባል ፈጻሚ ኣካል ብምዃን፡ ቀጺሉ ድማ 2006 ኣብ ዝተኻየደ መስመሪ ጉባኤ ግሃድኤ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ብምዃን፡ ዘበርከቶ ልሉይ ተራ ኩላትና ንስሕቶ ኣይኮነን። ኣብ ጸፍሒ መሪሕነት ኮይኑ ይኹን፡ ከም ካድር ኣብ ዘገልግለሉ ዝነበረ ቦታ፡ ምዕባሌታት ኣብ ምምዛን ይኹን፡ ኣብ መጻኢ ናበይ ገጽም ከምርሑ'ዮም ኣብ ምትንታን፡ ዝነበሮ ፍሉይ ተመኩሮን ብልሕን ክኢላነትን ብጻይናን ሓውናን ይበኹረና ምህላዉ ኣዚና ኢና ንሓዝን። ይኹን ደኣ'ምበር፡ ሎሚ ብጻይ ኢዮብ ብኣካል ካባና ይፈለ ደኣ'ምበር፡ ብመንፈስ ምሳና ወትሩ ነባሪ ምዃኑ ኣይንጠራጠረሉን ኢና። ንስድራቤቱን፡ ኩሎም ቢተሰቡን፡ መቓልስቲ ብጾቱን፡ ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብኩም ጽንዓት ከኣ ይሃበና ንብል።

ኣይፋልካን ኢዮባይ፡ ኣንታ ሕያዋይ በሊሕ ተላዛባይ፡
ኣይመድለየካን ነይሩ፡ ክንድ'ዚ ምህጻጽ ምጉያይ፡
ንኩላትና ምሓሽ ነይሩ፡ ምሳና ክትጸበ ቅሩብ ንምቕናይ፡
ምሳና ዝተበገስካሉ ዕላማ ነይሩ፡ ክትድምድሞ ዘድልየካ ዝነበረ ምጽባይ፡
ብሓባር'ውን ምረኣናዮ፡ ውድቀት ናይ'ዞም ኣርወታት ግናይ ምናይ።

ደቂ ደቅኻ'ውን ክትሪኢ፡ ድሌት ኩሉ ወላዲ በሃጋይ፡
ምስ በዓልቲ ቤትካ'ውን ክትሕጎስ ክትዘናጋዕ፡ እንኮላይ ምኹራይ፡
ኣካ ረኣናዮ ንበዓል ኪዳና ኣብ ምእላይ ጽንዓታ፡
ናይ እኖታታ ዝወረሰት ወይዘሮ፡ ጽንዕቲ ዘይብላ መሰታ።

ካብ ሞት ዘምልጥ ካብ ዘየሎ ወዲ ኣዳም ቀዳማይ ዳሕራይ፡
ንሞት ዝረትዓ'ውን ካብ ዘየሎ፡ ኣነ ዝበለ ምኩሕ ሞንታይ፡
ኣምላኽ'ውን ካብ ወሰነ፡ ካብ በለካ ኪደናይ ደኣ ንዓናይ፡
ምኻድ'ውን ካብ ዘይተረፈካ፡ ይግባይ ዘይብሉ በርባዕተ ጸዋራይ፡
ደጊም ንሕና ንብሎ የለን፡ ብዘይካ ደኒንካ ንኣምላኽ ምጽላይ፡
ኣእዳዉ ዘርጊሑ ክቕበለካ፡ ኣብ ላዕለዋይ መንግስተ ሰማይ።

**ፈጻሚ ኣካል**
**ግሃድኤ**
7 **ጥሪ** 2010